STIICHTING EXPERTISE CENTRUM VOOR ERITREA
ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን ኣምስተርዳም ነዘርላንድ
Eritrean Research & Documentation Center

# ቃል-ሓዘን

ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን። ነቲ ኣብ'ዚ ቕንያት'ዚ ብዝተዓጻጸፈ ብዝሒ ቁጽሪ። ኤርትራውያን ዜጋታት ዝቐዘፈ ኣሰቃቒ ህልቂት ዝተሰምዖ መሪር ሓዘን ይገልጽ፣ ንስድራ-ቤት ግዳያት ከኣ። ኩሉ ዝከኣሎ እግዝኣብሄር። ጽንዓቱ ሂቡ ደብስ ኢዮብ ይግብረልኩም! ጠልን በርከትን ኣይጋደፍኩም! ንመወቲ ኸኣ። መንግስተ ሰማይ የዋርሶም! ይብል፣

ኮይኑ ግን። እዚ ፍጻሜ'ዚ። ብጽንዓትን ደበስን ዝሕለፍ ዘይኮነ። ንውሽጢ ልቢ ብዝኹርኩሕ ጽሞና ዝዓሰሎ። መርመራ ዘድልዮ ብውሳኔ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ዝፍታሕ ሽግር ምዃኑ። ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን ከይገለጸን። ከየተንብሆን ክሓልፍ ኣይመርጽን፣

ኩሉ ኤርትራዊ። ኤርትራዊ ሃገራዊ ዜጋ ዘበለ ዝሰማማዓሉ ነጥቢ እንተሃልዩ። ጠንቂ ናይ'ዚ ኹሉ ስደትን። ከርተትን። ስቅያትን ቅዝፈትን። ኣብ ሃገረ ኤርትራ ግዝኣተ-ሕጊ ዘይምህላዉ ዝሰዓበ እኩብ ድምር። ናይ ዘይቅዋማዊ ምሕደራን። ኣልቦ ተሓታትነት ሕግን ምዃኑ። መስከሩለይ ዘየድልዮ ርቱዕ ሓቂ ኢዩ፣ መፍትሒኡ ኸኣ። ብኹሉ መዳያቱ ብሩህ ዝገብሮ ነገር እንተሃልዩ። ''እቲ ተመን ኣብ እግርና። እቲ በትሪንከ ኣብ ኢድና፣'' ምዃኑ ንስሕቶ ኣይመስለናን፣

ዜጋታት። ውጡር ናይ ህይወቶም ምንባር ውሕስነት ኣብ ዝስእንሉ ህሞት። ሃጽ ኢሎም ዝፈትዉዎም ስድራ ቤቶምን። ዘፍቅርዋ ሃገሮምን ሓዲጎም ክወጹ። ህልዊ ኩነታት ናይ'ታ ሃገር ዝደፍኦ። ሕማቕ ገጽታ ናይ ሃገርና ኤርትራ 'ኳ እንተኾነ። ንሓንቲ ህይወትካ ንምድሓን ክትብል። ኣብ ሓደ ጉዕዞ። ሰለስተ ዝተሓላለኸ መስርሕ ሞት ሰጊርካ። ንኽትሰርር ዘሎ ተኸእሎ። ማዕረ ክንደይ ጸቢብ ምዃኑ። ኤርትራውያን ብግቡእ ዝተረዳእናዮ ኣይንመስልን፣

ስለ ዝኾነ ኸኣ። ከም ሳዕቤን ናይ'ዚ ከየመዛዘንካን። ከየጻረኻን። ''ብዓይኒ የብለይ! ስኒ የብለይ!'' ዝብል ኣተሓሳስባ። ብዘይተጸንዐን። ዘይውሑሱን ዝካየድ ጉዕዞ ፍልሰት ስደት። ሳዕቤኑ ካብ ሞት ዘድሕን ኣይኮነን፣ ክንዲ ዝኾነ ኢዩ ኸኣ። ''መንገዲ ጥዕና። ዓመት ኪዶ፣'' ከም ዝብሃል፣ ሰኣን ዓቕልን ትጽቢትን። ጽምም ኢልካ ምጽናሕን። ካብ'ዞም 325 ህይወቶም ብኸንቱ ሓሊፉ ዘሎ ዜጋታትና። እቶም 91። ገሊኦም ኣብ ሃገረ ሱዳን እንከለዉ። ገሊኦም ውን ኣብ ሊብያ ምስ ኣተዉ። መስርሕ ናይ ዑቕባ ስደተኛነት /Resettlement/ ተወዲእሎም። ኣብ መስርሕ ምጽባይ ምህላዎም ተነጊርዎም። ክጽበዩ እናተሓበሩ እንከለዉ። እቲ ትጽቢት ዓቐብ ኮይኑዎም። ሰኣን ዓቕሊ ገይሮም ምጽማም። ዳግማይ ንዘይትምለስ ህይወቶም። ብኸንቱ ሓሊፎም ዘለዉ፣

ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን። እቲ ፍጻሜ ዓሚቕ ሓዘን ዝፈጠረሉ ምዃኑ ብምንጻር። ኩሉ ኣብ ውሽጢ ይኹን። ኣብ ግዳም ዘሎ ኤርትራዊ። ዝኾነ ዜጋ ንስደት ዘምርሕ ኤርትራዊ። ነዚ ዘይውሑስ ናይ ስደት ጉዕዞ ክኹንንን። ነቶም ንኸም'ዚ ዓይነት ጉዕዞ ዝመርጹ ዜጋታት ከኣ። ሓላፍነታዊ ምኽሩ ለጊሱ። ደው ከብሎምን። ንምትሕብባሮም ብዝምልከት ከኣ። ነቲ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራት። ኣብ ጥሪ 2004 ዘውጸኦ። ዝኾነ ኤርትራዊ ካብ ሃገሩ ምስ ወጸ፣ ናብ ሃገሩ ንኸይምለስን። ከም ሕጋዊ ስደተኛ ኮይኑ ንኽነብር። ንኣባል ሃገራት ውድብ ሕቡራት ዝዘርገሖ ሰነድ ብምምልካት። ኣኣብ ዘለዉዎ። ወይ ዝኣተዉዎ ሃገር። ሓገዝ ክግበረሎም ከም ዘለዎ ጥራይ ክጸዓር ከም ዘለዎ ብጥብቂ ብምዝኽካር። መንግስቲ ኤርትራ። ብመንገዲ ኤምባሲኡ ካብ ሊብያ። ዝርዝር ኣስማት ግዳያት የሕሊፉ ኢሉ ንዝሃቦ ኣሸካዕላል ተግባር። ዝያዳ ንስድራ ቤት ግዳያት። ብገንዘብ ንምቕጻዖም ኢሉ ዝወሰዶ መስርሕ ምዃኑ ብምርዳእን። ኪኖ'ዚ መንግስቲ ኤርትራ ሓላፍነት ዜጋታቱ ወሲዱ። ንቕዝፈት ናይ'ዞም ዋሕስ ሃገር ዝኾኑ ዜጋታት። ብድርብ ዕያረ ውጺኢት ሕሱም ምምሕዳራዊ ተግባራቱ ምዃኑ ኣሚኑ። ምስናይ ይቕረታኡ። መዓልቲ ጥራይ ዘይኮነ። መዓልታት ሓዘን ኣዊጁ። እታ ኣብ ካልእ እዋን ዘይትድፈር ባንዴራ ሃገር። ኣብ ፍርቂ ዘንጊ ክሰቕላ ብዘይምኽኣሉ። ኤርትራዊ ማእከል ምርምርን ስነዳን ብትሪ እናኾነነ። እቲ እንኮ ፍታሕ ናይ'ዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ስቅያትን። ውርደንትን። ከልበትበትን። መከራን ዓዘራን ከብቅዕ። ኣብ ሰረት ዑና ስርዓት ህግደፍ። ህዝቢ ዝውንኖ። ቅዋማዊ

ግዝኣተ-ሕጊ ዝነገሶ ስርዓተ መንግስቲ ምትካል ጥራይ ምዃኑ ይኣምን፣ ነዚ ኸኣ። መላእ ህዝቢ ኤርትራ። ኢድን-ጓንትን ኮይኑ ብሓባር። ካብ ኤርትራ። ብኤርትራውያን። ንኤርትራውያን ብዝብል መርሖ ክቃለሶን። ኣብ ኣደባባይ ወጺኡ። ይኣክል! ስልጣን ናብ ዋንኡ ዝኾነ ህዝቢ። ሕጂ! ሕጂ! ንቅዋማዊ ግዝኣተ-ሕጊ! ዝብለሉ እዋን ጽባሕ! ዘይኮነ ሎሚ ኢዩ!!!

ንመወትቲ። መንግስተ ሰማይ የዋርስ!!!
ንስድራ ግዳያት። ንኢዮብ ዝደበሰ ይደብስ!!!

ሰማእታትና። ወትሩ ብሕድሮም ይደበሱ!!!

ኤርትራዊ ማእከለ ምርምርን ስነዳን
ነዘርላንድ